ሓዳስ ኤርትራ
መበል 25 ዓመት ቁ.59 ቀዳም 7 ሕዳር 2015 ገጽ 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንልኡኽ ምምሕዳር ዞባ ሲችዋን ናይ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽትል ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ዞባ ሲችዋን ሊዮ ጂ ንዝተመርሐ ልኡኽ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ። ኣብቲ ትማሊ 6 ሕዳር ዝተኻየደ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዝምድናታት ኤርትራን ቻይናን ናይ ነዊሕ ዓመታት ሰረት ዘለዎ ምዃኑ ድሕሪ ብምጥቃስ፡ ኩባንያታት ቻይና ኣብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ዓበይቲ ወፍሪታት ብንጥፈት ክሳተፉ ጥጡሕ ባይታ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ሚስተር ሊዮ ጂ ብወገኑ፡ ዝምድናታት ክልቲኤን ሃገራት እናሓየለ ይመጽእ ምህላዉ ብምሕባር፡ ኩባንያታት ቻይና ኣብ ትሕተ-ቅርጻዊ ስራሓት ብቐንዱ ድማ ኣብ ዕደና፡ ምህናጽ ድንድላት ዲጋታትን፡ ከምኡ'ውን ሕርሻን ካልእ ንጥፈታትን ንምስታፍ ቅሩባት ምህላወን ኣረጋጊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ቻይናዊ ልኡኽ ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ነቲ መመሊሱ ዝምዕብል ዘሎ ታሪኻዊ ዝምድና ብምጥቃስ፡ ኣብ ዳግመ-ህንጻዊ ስርሓት ልዑል ምትሕግጋዝ ክግበር ተኽእሎ ከምዘሎ ተመልኪቶም። ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ኣብ መንጎ ክልቴን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ብዝፈጠሮ ጥጡሕ ባይታ፣ ንምዕባለ ኤርትራ ኣብ ዝሕግዝ መደባት ብሽርክነት ክሰርሑ፡ ዝሰላሰል መደባት ብዝቐልጠፈ ክትግበር ድማ ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ብዘይካ'ዚ እቲ ቻይናዊ ልኡኽ፡ ምስ ሓላፊ ቍጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃነ ሃብተማርያምን ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃን ብምርኻብ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ወገናት ኪህሉ ዝግብኦ ናይ ስራሕ ዝምድናን ዝተወጠኑ መደባት ልምዓት ብኣጋ ንምትግባርን ዘኽእል ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ፕሮጀክት ዕደና ኣስመራ ምስ ሃገራዊ ኮርፖረሽን ዕደና ኤርትራ ብሽርክነት ኪሰርሕ ዝጸንሐ ካናዳዊ ኩባንያ ዕደና ወርቂ ‘ሳንሪጅ’፡ 60% ብጽሒቱ ናብ ቻይናዊት ኩባንያ ማዕድንን ስርሓት ድንድልን ‘ሲችዋን’ ንምሻጥ ዘኽእል ውዕል ተኸቲሙ። ነቲ ውዕል፡ ብወገን ኩባንያ ‘ሳንሪጅ’ ፕረዚደንት ናይቲ ኩባንያ ሚስተር ሚካኤል ሆፕለይ፡ ብወገን ቻይናዊ ኩባንያ ‘ሲችዋን’ ድማ ዳይረክተር  ናይቲ ኩባንያ ሚስተር ሳን ቲያም ዶንግ ክኸትሙሉ እንከለዉ፡ ሓላፊ ቍጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወትን ሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃነ ሃብተማርያምን ድማ ከም መሰኻኽር ክታሞም ኣንቢሮም። ኣብ’ቲ ናይ ምፍርራም ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ጸዓትን ማዕድንን ጀነራል  ስብሓት ኤፍረምን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማዕድን ኣቶ ኣለም ክብረኣብን ተረኺቦም ነይሮም።